# ድምጽኻ ለውጢ የምጽእ እዩ።

ዲሞክራሲ ኣብ ሓባራዊ ውሳነታት ዝተመስረተ እዩ። ድምጺ ናይ ምሃብ መሰልካ ክትጥቀመሉ ከለኻ ምስ ሕብረተሰብን ምስ ብጾትካን ዝተሓሓዝ ሓላፍነት ትወስድ። ኣብ መረጻ ድምጺ ክትህብ ከለኻ፣ ነቶም ፖለቲካዊ ሕጹያት ኣብ ምምራጽ ትሳተፍ፡ ከምኡ'ውን ውሳኔታት ትጸልው፣ እዚ ድማ ንህይወትካ ይጸልዎ።

ኣብ መዓልቲ መረጻ ሰሉስ 18 ሕዳር ተረኺብኩም ድምጽኹም ሃቡ። ድምጽኻ ብርግጽ ለውጢ የምጽእ!

## መን ክመርጽ ይኽእል?

ኣብ ዞባውን ከባብያውን መረጻታት ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም፣ እንተድኣ፦

- 18 ዓመት እንተኾኑ
- ኣብ ዴንማርክ ቀዋሚ መንበሪ እንተሃልይዎም
- ዜጋ ዴንማርክ፣ ኣብ ካልእ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ዜጋ እንተኾይኖም፣ ዜጋ ኖርወይ፣ ብሪጣንያ ወይ ኣይስላንድ እንተኾይኖም - ወይድማ ቅድሚ መረጻ ኣብ ዴንማርክ፣ ግሪንላንድ ወይድማ ደሴታት ፋሮ ን4 ዓመት እንተነቢርካ።

## ከመይ ጌርና ድምጺ ንህብ

ኩሉ ድምጺ ናይ ምሃብ መሰል ዘለዎ ብፖስታ ናይ ድምጺ ካርዲ ክበጽሖ እዩ። እቲ ናይ ድምጺ ካርዲ ዕለት መረጻን ትመርጸሉን ቦታን ይሕብረካ። ብሓፈሻ ካብ ሰዓት 08.00 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 20.00 ምሸት ድምጺ ምሃብ ይከኣል እዩ።

ኩሉ ነገር ብመሰረት እቲ ደንቢ ከምዝኽቶል ንምርግጋጽ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናቑጣ መረጻ ሰብመዚ ኣለው።

ኣብ ናቑጣ መረፃ ምስ በጻሕካ ናብቲ ኣብ መረጻ ካርዲኻ ተገሊጹ ዘሎ ናይ መረጻ ጣውላ ትኸይድ። ኣብቲ ጣውላ ናይ ድምጺ ካርዲኻ ትህብ፣ እቶም ኣብቲ ጣውላ ዘለዉ ሓለፍቲ ድማ ክልተ ናይ ድምጺ ወረቐት ክህቡኻ እዮም፣ ሓደ ንናይ ከባቢ መረጻ ሓደ ድማ ንዞባዊ መረጻ። እቶም ናይ ድምጺ ወረቓቕቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ሕጹያትን ይዝርዝሩ። ኣብቲ ናይ ድምጺ ካርዲ ዝተጠቕሰ ሰብ ምኳንካ ንምርግጋጽ ዕለት ልደትካ ክትገልጽ ትሕተት ኢኻ።

ነቲ ድምጺ ወረቐት ሒዝካ ናብቲ መረጻ ዳስ ሒዝካዮ ትኸይድ፣ ናብኡ ድማ በይንኻ ትኸይድ። ድምጺ ምሃብ ምስጢራዊ እዩ፣ ንመን ከም እትመርጽ ካልእ ሰብ ክርኢ

T I G R I N S K

ኣይፍቀደሉን እዩ። ኣብቲ ዳስ መረጻ ዘሎ እርሳስ ወይ ብርዒ ተጠቒምካ፣ ኣብ ጎኒ እቲ ሕጹይ፣ ወይ እቲ ክትመርጽ እትደሊ ውድብ፣ ኤክስ (X) ግበር። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ድምጺ ወረቐት ሓንቲ ኤክስ ጥራይ ክትገብር ኣገዳሲ እዩ። እንተዘይኮይኑ ናይ እቲ ድምጺ ወረቐት ውድቂ ክግበር ይኽእል እዩ።

ኣብቲ ናይ ድምጺ ወረቐት እኳ ስሕተት እንተጽሒፍካ፡ ነቶም ሓለፍቲ ነቲ ድምጺ ብሓድሽ ድምጺ ክቕይርዎ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ኾይኑ ግና፣ እዚ ዝከኣል፣ ቅድሚ ሕጂ እቲ ናይ ድምጺ ወረቐት ኣብ ናይ ድምጺ ሳንዱቕ እንተዘይኣእቲኻዮ ጥራይ እዩ። ከመይ ከምትመርጽ ርግጸኛ እንተዘይኮይንካ፣ ካብቶም ኣብቲ ናቑጣ መረጻ ዘለዉ ሓለፍቲ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ቋንቋ ደንማርክ ከተንብብ ከቢድ ኮይኑ እንተረኺብካዮ፣ ሓደ ካብቶም ሓለፍቲ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ኣብ መወዳእታ፣ ካብቲ መረፃ ዳስ ወጺእካ ነፍሲ ወከፍ ናይ ድምጺ ወረቐት ኣብቲ ግቡእ ናይ ድምጺ ሳንዱቕ ኣእትዎ። እቶም ናይ ድምጺ ወረቐታት ምዕጻፍ ኣይትረስዕ፣ በዚድማ ንመን ከምዝመረጽካ ዝኾነ ሰብ ክርኢ ኣይኽእልን።

**ኣብ ዕለት መረጻ ከይትቐርብ እንተተኸልኪልኩም - ኣቐዲምኩም ድምጽኹም ሃቡ።**

ኣብቶም መረጻታት ብኸመይ ድምጺ ከምትህብ ነቲ QR-code እስካን ብምግባር ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያትን ጥዕናን ዴንማርክ ዝያዳ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

